# ብምኽንያት መበል 26 ዓመት ልደት ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ) ኣሜሊኪቱ ዝወጸ ወድባዊ መግለጺ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ)

ካብ ዝምስረት እነሆ 26 ዓመቱ ሚኢኡ። ብሄረ ኩናማ ኤርትራ ስለ ምንታይ ብብሄሩ ተወዲቡ ክንድዚ ዝኣክል ዓመታት ማስዋእቲ ከፊሉ? ንዝብል ሕቶ ፣ ድሕሪ ምርግጋጽ ናጽነት ኤርትራ ብስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኩናማ ኤርትራ ዘውረዶ በደልን ጭቆናን ኣብ ዘይጻወረሉ ብርኪ ምብጽሑን፣ ሕሉፍ ሓሊፉ ብሄረ ኩናማ ኣብ ገዛእ ሜሬቱ ፖሎቲካዊ ማስሉ ተዓፊኑ፥ ንህልውንኡን ቀጻልነቱን ኣብ ከቢድ ፈተና ዘውድቕ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳያስ ምኻኑን ስለ ዘረጋገጸን፣ ስርዓት ህግደፍ ንብሄረ ኩናማ ከም ዘይውክሎ ስለዝኣመነ ፡ ከም ህዝቢ ህልውንኡ ዘረጋግጸሉን ቀጻልነቱ ዘውሕሰሉን ኩነታት ክፈጥርን፣ ከም ብሄር ድማ ኣብ ሃገሩ ኤርትራ ኣብ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ዓውድታት ማዕረ ተጠቃምነቱ ከረጋግጽ፣ ኮታስ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ዝውስነሉ ኩነታት ክፈጥርን፣ ፍትሓዊ ብሄራዊን ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ንከካይድን ማስዋእቲ ንክኸፍል ግድን ነይሩ። ብሓጽሩ ምኽንያት ምውላድ ዲምሓኩኤ ስርዓት ህግድፍ ኣብ ልዕሊ ብሄረ ኩናማ ዘውርዶ ናይ ዝጸነሔ ወጸዓን ጭቆናን ውጽኢት ምኻኑ እዩ።

ዝኸበርካ ውጹዕ ህዝቢ ብሄረ ኩናሜ ናይ ሎሚ መበል 26 ዓመት ልደት ውድብና ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት እያ ትዝክር ዘላ። ዓለምና፣ ዘባናን ከባቢናን ካብ እዋን ናብ እዋን ናብ ዓሚቕ ፖሎቲካዊ ቅልውላው እናተሸመመ ዝኸደሉ ወቕቲ እዩ። ንኩነታት ጎረበት ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሓደ ብሄር መንነትን ህላዌን ሕቶ ብሄር ዝብል ኣሚር ካብ ገጽ ቀርኒ ኣፍርቃ ንምድምሳስ ዝግበር ዘሎ ዘይ ፍትሓዊ ኩናት ምስ እንርኢ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ስደተኛ ህዝብና ግዳይ ሜጨወይትን መቕተልትን ከምኡ ድማ ኣብ ከቢድ ምብትታንን ብርስትን ኣብ ዝርከበሉ እዋን እያ ትብዓል ዘላ ።

ዝኽበርካ ሜላእ ህዝብታት ኤርትራ፤ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢና ዘለዎ ኩቱር ንዕቐትን ጥልመትን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን ከም ዝፍልጥ ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ሜላት ሱዳን፣ የመን፣ ጅቡቲን፣ ኢትዮጵያን፣ ብናይ ዶብ ምስምስ ብምፍጣር ዘይፍትሃዊ ኩናት ብምውዕላ ብኣማኢት ኣሻሓት ዝቑጽሩ መንእስያትና ሂወት ምጥፍኡ ከይ ኣክሎስ ነዚ ኩሉ "ኣይከሰርናን" እሉ ሕጅውን ርእሰ-ፋሽስት ኢሳያስ፣ ፖሎቲካዊ ባህሪኡን ካብ ማንምእዋን ተቓሊዑ ናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ምስ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ ተሻሪኹ ኣሕሊፉ ንምርካብ ሓደገኛ ሸርሕታት ኣብ ዝፍጽማሉን ኣብ ልዕሊ መንግስትን ሕዝብን ትግራይ ናይ ዘርኢ ምትፋእ ኩናት ብምውላእ እንደገና ናይ ዕሸል መንእሰያትና ሕይወት ብኸንቱ የትፎኦ ምምሕላውእዩ። ነዚ ኣረመናዊ ተግባራት ብምኩናን ኣብ ጎኒ ሕዝቢ ትግራይ ደው እሎም ድምጾም ክብ ኣቢሎም ክቃወሙ ማዓንጥኦ ምኣስጠሞምእቲ ሓቂ ንዝቃለሱ ኤርትራዊያን ከወጣውጠሎም ከፈራርሆምን ይፍትን ምህላውእዩ።

ኦ ምክልኻል ስራዊት ኤርትራ፤ ናይ ጎረበትካ ስላም ኣፍሪስካ ብስላም ክትነብር ምሕሳብ ዕሽነት ጥራይ እዩ ዝኸውን ። ብርእሰ ፋሽስት ስርዓት ኢሰያስ ተደፊኢካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተውርዶ ዘለኻ ስቓይ ንጥቅሚመን ምዃኑ ገምት። ስርዓት ህግደፍን መሻረኽቱን ንህዝቢ ኤርትራ ከምዘይውክሉ ፈሊጥካ ካብ ዘይምልከተካ ተግባራት ወጺእካ ኣብ ጎኒ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ደውበል።

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣ ንመንነቱን ህላውነቱን ደውኢሉ ሓድነቱ ኣስጢሙ ዝቃለስ ህዝቢ ኩሉ ግዜ ተዓዋታይን ሰዓራይን ምዃኑ ነዓኻ ሓድሽ ኣይኮነን። ስለዝኮነ ድማ እነሆ ብጽንዓትካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብትምክሕተኛታትን መሻርኽቱን ዝፍጸም ዘሎ ዘርኢ ናይ ምጽናት ኩናት ምዃኑ ተቓሊዑን ዓለም ብዓለማ ፈሊጥዎም ኣበይ ከም ዝሕኡብ ጨኒቁዎም ይርከብ። ስርዓት ህግደፍን መሻረኽቱን ኣብ ልዕለኻ ዝግበር ዘሎ ናይ ኩናት ገበን ብዝኾነ መዕቀኒ ነቲ ወጹእ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝይውክሉ ፈሊጥካ ብስርዓት ህግደፍ ተወጺዖም ካብ ዝፈትውዋ ሃገሮም ተሰዲዶም ኣብ ሑቕፈኻ ተዓቚቦም ዝነበሩ የሕዋትካ ኤርትራውያን ስድተኛታት ዘለካ ሕውነታዊ ዝምድና ከምቀደሙ ክቕጽ ውድብና ዲምሓኩኤ በዚ ኣጋጣሚ ሓደራ ይብል።
ዝኸበርኩም ኣብ ሓርነታዊ ተጋድሎ ዘሎኹም ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፣ ሎሚ ልዕሊ ኩሉ እዋን ተቐራሪቡ ዝሰርሓሉ ግዜ ብምኻኑ ኣብ ናይ ሓባር ዕላምታት ማእከል ዝገበረ ናይ ቃልሲ ባይታ ክፍጠር ይጽናሓለይ ዘይባሃሎ ጉዳይ እዩ። ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ዘካይዶ ዘሎ ዘይሓላፍነታዊ ኣካይዳ፥ እነሆ ኣብ ልእሊ ህዝብናን ጎረባብቲ ህዝቢታትን ዝኸፍኤ ዕንወት ፈጥሩ ይርከብ። ልዕሊ ዝኾነ እዋን ሞላእ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ተቓለስቲ ሓይልታት ሓቢሮም ክምክትዎን ሓድነቶም ከስጥሙ ከም ዘለዎም ዲምሓኩኤ በዚ ኣጋጣሚየ ተሓሳስብ።

ኣብ መወዳእታ ዝክሪ ማበል 26 ዓመት ምምስራት ውድብ ዲምሓኩኤ ዕውት ንክኸውን ብሞራልን ብንዋትን ብሞያ ሓይልኹም ዝደገፍኩምን ንዕድሜና ተቐቢልኩም ንዝተሳተፍኩምን ከምኡውን ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዝተወልዐ ኩናት ካብ ማዕስክራት ስደተኛታት ትግራይ ዶብ ስግሮም ናብ ሱዳን ዝተሰደዱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብምዕቋብ ውሑስ ጽላል ዝሃበ ህዝብን መንግስቲን ሱዳን በዚ ኣጋጣሚ ውድብ ዲምሓኩኤ ምስጋኑ የቕርብ።

ብሄር ንምጽናትን ናይ ሓደ ብሄር ህላወን መንነቱን ንምድምሳስ ብዝተለዓሉ ጸላእቲ ጉጅለ ህግደፍን መሻርኽቶምን ህዝቢ ብሄረ ኩናማ ከቶ ኣይንብርኸክን እዩ !

ዓወትን ድምቀትን ን1 ሚያዝያ ምምስራት ውድብ ዲምሓኩኤ !!
ዘልኣለማዊ ኽብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና !!
ሕጅውን መትከላት ዲምሓኩኤ ንዘልኣለም ክዕንበቡ እዮም!!

1 ሚያዝያ 2021